# ምድረ-ባሕረነጋሲ (ምድረ-ሓማሴን)

ብዙሕ መጻሕፍቲ ታሪኽ ገናጺልካን: ቅኑዕ ምርምርን መጽናዕትን እንተድኣ ኣካይድካ፣ ቅድሚ ሩስያን ቻይናን፣ እቲ ቅኑዕ ዲሞክራስያዊን ሃገራዊ ደስነት፣ ኣብ ኤርትራ ከም ዝነበረ ክትርዳእ ትኽእል። ህዝቢ ኤርትራ ሕጊ እንዳባን ዴሳዊ ዋንነት መሬትን ካብ ጥንቲ ጀሚሩ፣ ክሰርሓሉ ጸኒሑ እዩ። ኣብ ግዜ መዋእል ኮሎንያል ጣልያን ይኹን ንጉስ ሃይለስላሴን ደርግን ከይተረፉ ኾለን ዓድታት ብሕጊ ኣንዳባ ተማኣዚዘን ክጉዓዛ ጸኒሐን እየን። ኣብ ኣዋን ፋሺስታዊ መንግስቲ ህግደፍ ግና ፈጺሙ ተሪፉ። መሳፍንቲ ትግራይ በቲ ፍትሕን ደሳዊ ዋንነት-መሬትን ሕጊ-እንዳባን ምድረ-ባሕሪ ኣዝዮም ይቐንኡ ነይሮም። ሰበ-ስልጣን ኮሎንያል ጣልያን እንተኾኑ'ውን፣ ብፍላይ ብፍትሕን ብደሳዊ ዋንነት ርስትን ደቂ ምድረ-ባሕሪ ኣዝዮም ተደኒቖም እዮም። ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን ግና "ካብ ብዓል ጣፍ ብዓል ኣፍ ስለዝኾነ ዘመኑ"፣ ከምዚ ትንተና'ዚ ተንቲንካ ከተርድእ ብዙሕ ጻዕርን ድኻምን ይሓትት። ብሕልፈ'ኳ ድኣ እቶም ጭፍራ ህግደፍን ወያኔን፣ ብፋልሶ ስነሓሳብ ዝመረተ ሓንጎሎም፣ ነዚ ክሰምዑ ከለው ካር-ካር ኢሎም እዮም ዝስሕቁልካ። ይስሓቑ ይብከዩ'ምበር እቲ ሓቂ ግና ከምኡ እዩ። እቲ መራሕቲ ወያኔን ህግደፍን ኣብ ግዜ ሰውራ ዝምርሑሉ ዝጸንሑን፣ ሎሚ'ውን ከይተረፈ ዝምርሑሉ ዘለውን፣ ካብ ባዕዲ ዝቐድሑዎ ዘንባዕን ግጉይን ስነሓስብ ግና ብህዝቢ ኤርትራ ይኹን ብህዝቢ ኢትዮጵያ ፉንፉንን ጽዩፍን ከምዝኾነ ክፈልጡ ይግባእ።

እቲ ኮድነይም ወይከኣ ሶይዶኒም ብለኒን ዝጽዋዕ ዝነበረ መራሒ ሰልፊ ቦልሰቪክ፣ ቀንዲ ይሁዳዊ ስሙ ግና ቭላድሚር ኢልዩክ ኡልያኖቭ እዩ ዝነበረ። ዝኾነ ኮይኑ "ለኒን" ኣብ ስዊዘርላንድ ዑቑብኛ ተመሲሉ ን6 ዓመታት ዝኣክል ኣብ ዝተፋላለያ ዓበይቲ ከተማታት ይነብር ነበረ። ንኣብነት ብ1903ን ብ1905 1908ን ዓ.ም.ፈ. ኣብ ጀነቫ፣ ካብ 1914 ክሳብ 1915ን ዓ.ም.ፈ. ኣብ በርን፣ ካብ 1916 ክሳብ 1917 ድማ ኣብ ዙሪክ ይቕመጥ ነበረ። ብመስከረም 1915 በኸሪ ኮንፈረንስ ኣብ ዝገበረሉ እዋን፣ ጸጋማውያን ኤውሮጳውያን ማሕበራትን: ጋዜጠኛታትን ፍላስፋታትን፣ ብዛዕባ ሓቅነት ፍልስፍና ኮሚንስት ከረጋግጹ ስለዝደለዩ፣ ብዙሕ ሕቶታት ኣቕሪቦምሉ። ካብቲ ብዙሕ ዘቕረቡዎ ሕቶታት ሓደ ከኣ፣ "እዚ ምሕደራ ኮሚንስት እትብሎ ዘሎኻ፣ ቅድሚ ሕጂ ኣበየነይቲ ሃገር ከምዝተፈተነዶ ክትምልሰልና ትኽእል? ኢሎም ምስ ሓተትዎ፣ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም:- "ሓንቲ ኣብ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ እትርከብ ብባሕረ-ነጋሽ እትምሓደር ምድረ-ባሕረነጋሲ እትብሃል ንእሽቶ ሃገር: ቅኑዕን ባህርያዊን ማሕበርነት (ኮሚንስ) ተኸቲላ ትምሓደር ኣላ"፣ ከድኩም ክትከታተሉ ትኽእሉ ኢኹም" ክብል መሊሱሎም ይብሃል። ሎሚ'ውን እንተኾነ: እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ቀንዲ ጠንቂ ኮይኑዎ ዘሎ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብባህሉን ሃይማኖትን፣ ብፍትሓዊ ሕጊ-ኣንዳባኡን: ብጭዋ ዝኾነ ደሳዊ ዋንነት-መሬቱን ኣዝዩ ኾሩዕ ስለዝኾነ እዩ። በዚ ኾርዓት'ቲ ዝቐንኡ ከኣ፣ ካብ ታሪኽ ዘይምሃሩ ብዙሓት ስሱዓት ባዕዳውያን እዮም። ህዝቢ ምድረ-ባሕሪ ንዝኾነ ክወሮ ዝመጽእ ይንኣስ ይዕበ ባዕዳዊ ሓይሊ፣ ከምቲ ንእሽቶ ዳዊት ንገጂፍ ዕጥቂ ዝነበሮ ጎልያድ ብእምኒ ወንጭፍ ዝስዓሮ፣ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ንመንነቱን መሬቱን ባሕሩን ንኽከላከል መኪቱ እናስዓረ፣ ሓላው መሬቱን ባሕሩን ኮይኑ ክሳብ ሎሚ ጸኒሑ። ነዚ ብተፈጥሮ ንህዝቢ ምድረ-ባሕሪ ዝተዓደሎ ባህርያዊ ጸጋን፣ ትብዓትን ሓቦን ጅግንነትን ግና፣ ነቶም ገበቲ ሃጸያውያንን ጽዮናውያንን ኣይተዋሕጠሎምን። ብሓይሊ ክስዕሩዎ ስለዘይከኣሉ ከኣ፣ ንፍርቂ ዘመን ዝኣክል መጽናዕትን ምርምርን ኣካይዶም፣ "ገረብ ብሓኽላ ትኽረት" ከምዝብሃል፣ ነዞም ቋንቋ ትግሪኛ ዝዛረቡ: ካብ ብኣእምራኦም ብኽብዶም ዝሓስቡ፣ ዕሱባት ጭፍራ ህግደፍን ወያኔን ኣዋፊሮም፣ ንህዝቢ ኤርትራ ቅሳነት ከሊኦሞ ኣለው።

## ምስጢራዊ ትሕዝቶ ኮሚንስት

ቅድሚ ብዛዕባ ዝምድናን ፍልልይን ወያኔን ሻዕብያን ምትንታን ብዛዕባ ትርጉምን ተልእኾን ኮሚንስት ብሕጽር ዝበለ ክንገልጽ ኢና። ኣብ ብዙሕ መጻሕፍቲ ተገሊጹ ከምዝርከብ፣ እቶም ቀንዲ ወነንቲ ዕዳጋ ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን ዩሁዳውያን እዮም ዝነበሩ። ብሳላ ዕዳጋ ጸለምቲ

ኣፍሪቃውያን: ብፍላይ ቍጠባ ኣሜሪካን ብሓፈሻ ከኣ ቍጠባ ኤውሮጳውያን ኣዝዩ ካዕበተ። መድረኽ ባርነትን መስፍንነትን ከኣ ኣኽተመ ብርእሰምልነት ድማ ተተክአ። እቶም ነተን ማዕከን ባጤራ ዝኾና ባንክታትን: ዓበይቲ ኣብያተ ምእቶትን ዝቈጻጸሩን ዝውንኑን ዝነበሩ ርእሰማላውያን፣ ኣብ ብዓል ኒዮርክ ፓሪስ ፍራንክፈርትን በርሊንን ለንደንን ዝነብሩ ዝነበሩ'ዮም። ካብኣቶም ሓደ ሽዑ ግዜ ኣዝዮም ዝሃብተሙ ርእሰማላውያን ከኣ ማይ ቤት ሮክፈለር ኣብ ኣሜሪካ፣ ሮት-ሺልድ ድማ ኣብ ፍራንክፈርትን ለንደን ነበሩ። ስለዚ ርእሰማልነት ኣዝዩ እናማዕበለ ንቕድሚት ይውንጨፍ ስለዝነበረ፣ ብኣንጻሩ ድማ ምዝመዛን ጭቈናን እናመረረ ይኸይድ ነበረ።ብፍላይ ደርቢ-ሽቃሎን ትሑት ደርቢ ሓረስቶን ህዝብን ሓደ መዓልቲ ኣንጻር ርእሰማልነት ከምዝልዓሉ እቶም ጕርሓት ዩሁዳውያን ርእሰማላውያን ኣቐዲሞም ይፈልጡ ነበሩ። ብዚ ብምስጋእ እምብኣር: እቶም ወነንቲ ባንክታትን ዓበይቲ ፋብሪካታትን ዩሁዳውያን፣ ባዕሎም ዝቈጻጸሩዎን መዋዳድርቲ ርእሰማልነት ዝኸውንን ደንበ፣ ብህጹጽ ክምስርቱ መደቡ። ነዚ ሓዲሽ ደንበ መምርሒ ዝኸውን ፍልስፍና ግና ግድነት ኣድለዮም። ተመራማሪሮም ስነሓሳብ ዝቐርቡ ሊቃውንቲ ከኣ ኣዋፈሩ። እቲ ተወዳዳሪ ርእሰማልነት ክኸውን ዝመደብዎ ደንበ ከኣ፣ ደንበ ማሕበርነት (ኮሚንስት) ነበረ። ብዛዕባ ደንበ ኮሚንስቲ ከኣ ብዙሕ ምርምርን መጽናዕትን ንኽግበር ባጀት ኣውጽኡ። እቶም ተመራመርቲ ፈላስፋትት ከኣ: ካብ ዓሌት ዩሁድ ክኾኑ ከምዘለዎም ወሰኑ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ሃገር ጀርመን ዝቕመጥ ዝነበረ፣ ወዲ ሓደ ሞርዶካይ ዝተባህለ ዩሁድራቢ (ካህን)፣ ቀንዲ ስሙ ድማ ሞሰስ ሞርደካይ ለቪ ዝተባህለ ዩሁዳዊ ዝዓሌቱ ኣናድዮም ረኸቡ። ንሞሰስ ሞርደካይ ለቪ "ካርል-ማርክስ" ዝብል ሓዲሽ ስም (ሶይዶኒም ኮድ-ነይም) ኣጠሚቖም፣ ፍልስፍና ማርክሲዝም ንኸዳሉ ባጀት ፈለይሉ። ድሕሪዚ "ካርል ማርክስ" "ማኒፈስት ኮሚንስት" ዝብሃል ፍልስፍና ዘርግሐ። ስለዚ እቲ ብካርል ማርክስ ዝተዳለዎ ማኒፈስቶ ኮሚንስት ከኣ፣ ከም ፍልስፍናን መምርሕን ኮሚንስት ኮይኑ ብወግዒ ተዘርግሐ።

ኣብቲ እዋንቲ ገዛኢ ሶቬት-ሕብረት ጻር ዝተባህለ ንጉስ ነበረ። ንጉስ ጻር ሃይማኑቱ ኦርቶዶክስ እዩ ዝነበረ። ብፈሪሃ እግዚኣብሄር እናተመርሐ ንሃይማኖት ኦርቶዶክስ ኣኽቢሩ ድማ ንሩስያ ንብዙሕ ዓመታት ይገዝእ ነበረ። ዋንነት ባንክን መሬትን ባሕርን ከኣ፣ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ነበረ። ነቶም ኣብ ኒዩርክን ዎልስትሪትን፣ፓሪስን ለንዶንን በርሊንን፣ ዝነበሩ ወነንቲ ባንክታት ዩሁዳውያን ግና እዚ ሓይሊ ንጉስ ጻር ኣይተዋሕጠሎምን። ንጉስ ጻር ምስ ፕረሲደትን ኣብርሃም ሊንኮልን ጽቡቕ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ነበሮ። ብድሕሪ'ዚ ንንጉስ ጻር እቲ ዋንነት ባንክ ሃገር ሩስያ፣ ማለት ባጤራ ምሕታምን ምዝርጋሕን ንሶም ንኽቈጻጸሩዎ ሓተትዎ። ንጉስ ጻር ግና "ሃገረይን ባጠራይን ባንከይን ንሩስያውያን ስለዝምልከት ኣብ ትሕቲ ግዝኣተይ እዩ" ኢሉ ኣቕበጾም። በዚ መኽንያት'ዚ ወነንቲ ባንክን ቍጠባን ዩሁዳውያን ነቲ ብካርል ማርክስ ዝተዳለወ ፍልስፍና ኮሚንስት ማኒፈስቶ፣ ብኣስማቶም ዝቐየሩ ዩሁዳውያን ሩስያውያን ዓሲቦም፣ ካብ1903 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ክሳብ 1915 ዓ.ም.ፈ. ንሃገር ሩስያ ከምዝትኣታቶ ገበሩ። ብድሕሪ'ዚ ከኣ ብ1917 ዓ.ም.ፈ ቦልሸቪክ-ፓርቲ ሶቭየት-ሕበርት ብወግዒ ተመስረተ። ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ መራሕትን መስረትን ቦልሸቪክ-ፓርቲ ዝነበሩ ከኣ፣ ኣብ ሩስያ ዝነብሩ ዝነበሩ ዩሁዳውያን ዝዓሌቶም ሩስያውያን ነበሩ። ካብቶም ኣባላት መስረቲ ቦልሸቪክ-ፓርቲ 80 ካብ ሚእቲ ካርል-ማርክስ (ለቪ) ዘዳለዎ ማኒፈስቶ ተመሪሑም ቦልሸቪክስ ዝተባህለ ፓርቲ መስረቱ። ነቲ ቦልሸቪክ-ፓርቲ ብቕድመ ግንባር ኣቦመንበር ኮይኑ ዝመርሖ ዝነበረ ቭላድሚር ኢልዩክ ኡልያኖቭ (ለኒን) ነበረ። ኣዛዚ ሰራዊት ከኣ ሌው ትሮትስኪ ነበረ። ቭላድሚር ለኒንን ሌው ትሮትስኪን ቀንዲ ኣስማቶም ዩሁዳዊ ኣስማት እዩ ዝነበሮም። መታን ከም ዩሁዳውያን ከይፍለጡ ግና ሓዲሽ ሽም ተጠመቑ። ንኣብነት "ሌው ትሮትስኪ" ቀንዲ ዩሁዳዊ ስሙ ብሮንሽታይን እዩ ዝነበረ። ቭላድሚር ለኒንን ድማ ቀንዲ ዩሁዳዊ ስሙ ቭላድሚር ኢልዩክ ኡልያኖቭ ነበረ። እቲ ምንጪ ቍጠባዊ ሓገዝ ቦልሸቪክ-ፓርቲ ካብቶም ኣብ ጀርመንን ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ርእሰማላውያን ዩሁዳውያን'ዩ ዝነበረ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፣ ለኒን'ውን ቅድሚ ኣብ ስልጣን ምምጽኡ ኣብ ስዊዘርላንድ'ዩ ዝቕመጥ ዝነበረ። ብፍላይ ኣብ ስዊዘርላንድ ንኽነብር ምምራጹ ግና ስዉር ምስጢር ዘለዎ እዩ ዝመስል። ማለት እቲ ምኽርን ምዕዶን ካብቶም ወነንቲ ባንክታት ስዊዘርላንድ ዩሁዳውያን፣ ብቐረባ መታን ንኽረክብ ኣብኡ ምንባር ከምዝመረጸ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል።ካብኡ ቀጺሉ እቲ ብሌኒን ዝምራሕ ዝነበረ ባልሸቪክ ፓርቲ፣ ተቓዳዲሞም ነቲ ጻር ዝተባህለ ንጉስ ሩስያ ምስ ስድራቤቱ ቀንጸልዎ። ነቲ ንጉሳዊ መንግስቲ ከኣ ብኮሚንስት ፓርቲ ተክኡዎ። ኣብቲ ብለኒን ስታሊንን ዝምራሕ ዝነበረ ኮሚንስት ካብ 66 ሚልዮን ክርስትያን (ኦርቶዶክስ) ጸኒቶም። 200.000 ካህናትን ኣቡናትን ቀንጺሎም። 49.000 ኣብያተ ክርስትያናት ኦርቶዶክስ ከኣ ኣቃጺሎም ደምሲሶሞ።

ስለዚ እቲ ብለኒን ዝምራሕ ዝነበረ ኮሚንስት ፓርቲ፣ ቀንዲ ራእዩ ንመሰልን ማዕርነትን ሰራሕተኛታትን ድኻታትን ንክሕሉ ዘይኮነ፣ መዋዳድርቲ ርእሰማልነት ኮይኑ: ሃይማኖት ክርስትና ኣዕኒዩ፣ ዋርድያ ርእሰማላውያን ዩሁዳውያን ንምኳን እዩ ተመስሪቱ። ድሕሪ ዓወት ኮሚንስት ሩስያ ከኣ: ክኢላታት ኣባላት ቦልሸቪክስ ዓሲቦም ንሃገር ቻይና ልኣኹ። ኣብ ሃገር ቻይና እንተኾነ'ውን ብመምርሒ ማርክሰ-ለኒነት እዩ ኮሚንስት ቻይና ዝተመስረተ። <u>ንማኦ ሰቱንግ</u> ብስዉር ንኣሜሪካ ልኢኾም፣ ብሓዲሽ ስነሓሳብ ኣሰልጢኖም መራሒ ኮሚንስት ቻይና ኮይኑ ንኸገግሎም ኣብ ስልጣን ኣደየቡዎ። <u>ንማኦ ሰቱንግ</u> እንተኾነ'ውን ካብ 200.000.000 ንላዕሊ ህዝቢ ቻይና ከምዘጽነተ መጸሕፍቲ ታሪኽ ይገልጽዎ። ስለዚ ኣይዶሎጂ ኮሚንስት ብጻዕርን ቃልስን ጭቁናት ህዝቢ ኣይኮነን ተላዒሉ። እቶም ቀንዲ መሃንድሳት ኮሚንስት: ዩሁዳውያን እዮም ዝነበሩ። ስለዚ ኮሚንስት ብዩሁዳውያን እዩ ተማሂዙ። ርእሰማላውያን ዩሁዳውያን ንጭቁን ህዝቢ ደንጊጾምሉ ዘይኮኑ፣ ንርእሰማሎም ንኽከላከሉ ኢሎም'ዮም ኮሚንስት ዝመስረቱ። እቲ ገርሀኛ ሽቃላይ ግና በቲ ውዲታዊ ጭርሖ ተመሲጡ ነቲ ፍልስፍና ማርክስ ብስምዒትን ግርሀነትን ድኣ ስዓቦ። ካብ ድኽነትን ካብ ጭቁናን ከይተጋላገለ ከኣ፣ እቶም መሃንድሳት ኮሚንስት ዩሁዳውያን፣ መድረኽ ኮሚንስት ምኣስ ከምዝውዳእ መዲቦሞ ስለዝነበሩ፣ ህዝቢ ነቒሑ ቅኑዕ ማሕበርነት መታን ከይምስርት ተቐዳዲሞም፣ ብዓል ጎርባቸው (ይሁዳዊ) ኣብ ስልጣን ኣደዩቦም ብ1989/90 ዓ.ም.ፈ. ኮሚንስት ሩስያ ከምዘብቅዕ ገበሩ። እቲ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብሃብታማት ዩሁዳውያን ዝውነን ዝነበረ ርእሰማልነት ግና፣ ክሳብ ሎሚ ከይተተንከፈ ሃጸይነትን ጽዮንነትን ኮይኑ ብህይወቱ ብልዕልነት ርሃጽ ካልኦት እንዳመዝመዘን ርእሰማሉ ኣናኣኻበተን ይነብር ኣሎ። ኣብዚ ዘሎናዮ መዋእል እንተኾነ'ውን ኣብ ግሎባል ደረጃ በጁሑ ንዓለም ክቈጻጸር ላዕልን ታሕትን ክብል ይርኤ ኣሎ። (ብኤዋርድ ሄንድሪ ዝተደርሰ ሶልቪንግ ዘ-ማይስትሪ ኦፍ ባቢሎን ዘ-ግረይት ዝብል መጽሓፍ: "ኮሚንስት ኢዝ ጁዳኢዝም" ዝብል ኣርእስቲ ካብ ገጽ 88 ክሳብ 98 ተወከሰ)

## ለኒን ኣብ ልዕሊ ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ሩስያ ዝፈጸሞ ግፍዕን፣ ሎሚ ኢሰያስ ኣብ ልዕሊ ኦርቶዶክስ (ተዋህዶ) ሃይማኖት ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ግፍዕን እስከ ፍልልዩ ነወዳድሮ።



ንጉስ ጻርን
መራሕቲ ሃይማኖት
ኦርቶዶክስን
ለኒን ፈጺሙ
ከጽንቶም
ከሎ ዘርኢ ስእሊ

ለኒን ነቲ ንጉሳዊ መንግስቲ ብኮሚንስት ፓርቲ ተኪኡዎ። ኣብቲ ብለኒን ስታሊንን ዝምራሕ ዝነበረ ኮሚንስት ካብ 66 ሚልዮን ክርስትያን (ኦርቶዶክስ) ጸኒቶም። 200.000 ካህናትን ኣቡናትን ተቐንጺሎም። 49.000 ኣብያተ ክርስትያናት ኦርቶዶክስ ከኣ ኣቃጺሎም ደምሲሶም። ቀንዲ ዓላማኡ ድማ ንክርስትያን ብዩሁዳዊ ሃይማኖት ንምትካእ እዩ።




ኢሰያስ ከኣ
ንፓትርያርክን
ካህናትን
ኦርቶዶክስ
ኣሲሩ፣ ሞባእ
ካብ ቤተ-
ክርስትያን ከኣ
ይዘምት ኣሎ

ኢሰያስ ንኣውራጃታትን ወረዳታትን ዓድታትን መራሕቲ ሃይማኖትን ዋንነት መሬትን ፈጺሙ ከጥፍእ ተዓጢቑ ኣሎ። ሕቡእ ኣጀንዳ ኢሰያስ'ውን ካብቲ ለኒን ዝገበሮ ዘይፍለ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ መንቀሉ: ንኤርትራ ከኣ መጽለው ጽሓይ ጽዮናኢያንን ሃጺያውያንን ንኽትከውን እዩ ሕልሙ። ንቤተ ክርስትያን ብዩሁዳዊ ተምፕል ንምትካእ፣ ንመጽሓፍ ቅዱስ ድማ ብታልሙት መጽሓፍ ዩሁዳውያን ንምትካእ ናይ ርሑቕ ሕልሙ። ንሱኳ ኣየናይ ኢሉዎ: ኣማኸርቱ ይሁዳውያን ድኣንበር።

## መራሕቲ ሰውራ ኣፍሪቃ ክኽተልዎ ዝጸንሑ ፍልስፍና ኮሚንስት ካበይ ዝመጸ'ዩ?

ቅድሚ ብዛዕባ ዝምድናን ፍልልይን ወያኔን ሻዕብያን ምትንታን፣ ብዛዕባ ትርጉምን ተልእኾን ኮሚንስት ብሕጽር ዝበለ ክንገልጽ ዘገድደና፣ ተኻታተልቲ መርበብና ነቲ ምስጢር ማሕበርነት ወይ ኮሚንስት ካብ መሰረቱ ብግቡእ ንክትርድኡዎ ካብ ዝብል ተበግሶ እዩ። ብሓፈሻ መራሕቲ ሰውራ ኣፍሪቃ: ንኣብነት:- ሰውራ ሞዛምቢክ: ኣንጎላ: ጊኒ-ቢሳው ኮንጎ ወዘተ…ካብ መንነትን ባህልን ዋንነት መሬትን ሃይማኖትን፣

ትሕተ-ቅርጻ ሕብረተሰብ ኣፍሪቃ ተበጊሶም ኣይኮኑን ጀሚሮሞ። ብኣንጻሩ ግና ብግቡእ ከይተመራመሩ፣ ካብቲ ጋሻ ፍልስፍና ካርል-ማርክስ ቀዲሖም እዮም ጀሚሮሞ። እቲ ዝተኻየደ ሰውራ ድማ ማኣለያ ዘይብሉ ህዝቢ ኣህሊቑ ግዳይ ሃጸይነትን ጽዮንነትን ኮይኑ ብዘይ ቊምነገር ፈሸለ።

## ክልተ ገጽ ሓደ ቅርሺ ክነሶም፣ ገና ህዝቢ ከየለለዮም ንህዝብን ሃገርን ክሒዶም፣ ኣገልገልቲ ባዕዳውያን ንኽኾኑ ዝመረጹ ዕሱባት ገዛእቲ

| | |
|---|---|
|  |  |
| ንኢሰያ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ዘማኽሩዎ እስራኤላ- ውያንን ኣሜሪካን ኣንግሊዝን ጣልያንን እዮም። ኢሰያስ ምስ መከላኸሊ ሚንስተር ኣሜሪካ ዶናልድ ራምስፈልድ "ንወያኔ ድኣ ክንእክቦም ዘይጸገመና ንኽንብትኖም ሽግር የብልናን። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ መደበር ዓስኽር እንተደለኹም ከኣ ርኽቡ ኣይትስኣኑ ኢሉ ቃል ኣትዩሎም'ዩ። መለስ'ውን ነተን ብዘይ ፓይሎት ዝነፍራ "ድሮን" | ንመለስ ኣብዚ እዋን'ዚ ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ዘማኽሩዎ ስለላ መርበብ እስራኤን: ኣሜሪካን ኣንግሊዝን እዮም። መለስ ሎሚ ኣብ ውሽጢ እትዮጵያ ክማልኡ ዘለዎም ዓበይቲ ጠለባት ህዝቢ፣ ኣብ ክንዲ ዘማልእ: ንሰራዊት ኣኢትዮጵያ ከም ፕሮክሲ ኮይኑ፣ በቲ ሓደ ሸነኽ ኣንጻር ኦሮሞ፣ በቲሓደ ወጋን ከኣ ኣንጻር ሶማል፣ በቲ ሓደ ሸንኽ'ውን ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ እናኣዋግአ እዩ ኣንጻር ረብሓኡ ዕንክሊ ዝብሎ ዘሎ።ብኣንጻሩ ግና ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣደዳ ልመናን ጠሜት ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። |
| ዝብሃላ ነፈርቲ ውግእ ኣሜሪካ፣ ንገርህኛ ህዝቢ ኣፍሪቃ ንኽወቕዓ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ መዓስከር ፈልዩለን ኣሎ። | ስለዚ እዞም ክልተ ቊጥሚ ግጥሚ ዝኾኑ: (ኢሰያስን መለስን) መሳርሒ ብዕዳውያን ኣዚኦም፣ ኣናተዋዳደሩ ንረብሓ ኣሜሪካን ኢውሮጳን ይኸድሙ ኣለው። ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድማ ይሳቐ ኣሎ። |

ዝተፈላልዩ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ከምዘረጋገጽዎ፣ መንግስቲ መለስ ነዚ "ጸረ ሽበራ" ዝብል ፕሮጀክት ኣሜሪካ ስለዝደገፎ፣ ምስ ኣሜሪካ ጽኑዕ ዲፕሎማስያዊ ዕርክነት ገሩ ኣሎ። ንኣብነት ኣብቲ ኣንጻር ኣልሸባብ ኣብ ውሽጢ ሃገር ሶማል ዝግበር ውግእ ..ኢትዮጵያ ፕሮክሲ ኮይና ትዋጋእ ኣላ። ብፍላይ ነተን ብዘይ ፓይሎት ዝነፍራ "ድሮን" ዝተባህላ ነፈርቲ ድማ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ዝዓርፋሉ ቦታ ወይ መዓስከር ተፈቒዱለን ኣሎ። ንመረዳእታ ኣብ http://www.washingtonpost.com ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹምö

A network of drone bases in east Africa, designed to carry out attacks on al-Qaida targets and for gathering intelligence, is being constructed by the US, according to American reports. One base is being set up in Ethiopia, a key US ally in the Horn of Africa, the Washington Post said. Another installation has reopened in the Seychelles after a test "anti-piracy" programme proved unmanned "hunter-killer" craft could effectively patrol Somalia from there. http://www.washingtonpost.com

መራሕቲ ውድብ ወያኔ፣ ነቲ ዘሹርዕ ባህሊ ዓደብኦም (ሕቶ ሃይማኖት፣ ሕቶ ባህሊ፣ ሕቶ ርስትን ባህርያዊ ጸጋን) ከም መምርሒ ገሮም ዝብገሱ፣ ባዕዳዊ ፍልስፍና መሪጾም። ንኣብነት "እቲ ካብ ኣግላሲት ሶቭየት ሕብረት ዝማዕበለን ዝገስገሰን ሰውራ ኣልባንያ ስለዝኾነ: ፍልስፍና ኤንቨር ሆጃ ኢና ንኽተል" እናበሉ፣ ንህዝቢ ትግራይ ዕንክሊል ኣቢሎም ኣህሊቖሞ። ንኢትዮጵያ ምስተቛጻጸሩ ከኣ ፍልስፍና ኣልቦ ኮይኖም ሃጺያውያን ዘውጽኡሎም መደብ-ዕዮ ተቐቢሎም፣ በብዓይነቱ ምስምስ እናምሃዙ፣ ንህዝቢ ትግራይ ይኹን ኣምሓራ፣ ኣብ ክንዲ ሰላምን ቅሳነትን ምዕብልናን ዘምጽኡሉ፣ ግዳይ ሁናትን ጥሜትን ገይሮም የሳቕዩዎ ኣለው።

ሻዕብያ እንተኾነ'ውን ብውሽጡ ሃጺያዊ ፍልስና እናተኸተለ ክነሱ፣ ንህዝቢ ንምትላል ግና መትከል ማሕበርነት እየ ዝኽተል እናበለ፣ ነቲ ገርህኛ ህዝቢ ኤርትራ ብፍሹል ፍልስፍና ኣደንቊሩዎ። ካብ ሓደ ሚልዮን ንላዕሊ ዝኸውን ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፣ ኣብ ውሽጢ 30 ዓመታት ቃልሲ ኤርትራ ኣጽኒቱዎ። "ሃገር ነጻ ኣውጺአ" ምስ በለ ከኣ: ነቲ ዝዝምሮ ዝነበረ መዝሙር ሓሶት ማሕበርነት ጠንጢኑ፣ ዲቕ ዝበለ መሳርሒ ሃጸይነት ኮነ። ፋሺስታዊን ሕገ-ኣልቦን መንግስቲ መስሪቱ ከኣ፣ እሙን ሰላዪን ተላኣኺን ሃጸይነት ኮይኑ ተረፈ። ስለዚ እዞም ቅድሚ 20 ዓመታት ክልተ ውድባት ዝነበሩ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ መንግስቲ ኣኺሎም ዘለው ወያኔን ህግደፍን፣ ኣብ እዋን ሰውራ እንታይ ዓይነት መዝሙር ይዝምሩ ነይሮም፣ ሎሚኸ እንታይ ዓይነት ፍልስፍና ይኽተሉ ከምዘለው ተኻታተልቲ ብዕልኹም ፍረዱ።

እዞም ክልተ-ገጽ ሓደ ቅርሺ ዝኾኑ ዕሱባት ጒጅለታት፣ ብሓቂ ብማሕበርነት እንተዝግደሱ ነይሮም: ገና ኣብ ሜዳ ከለው ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ማሕበርነት ተኸቲለ እጕዓዝ ኣሎኹ'ሞ፣ ንስኹም ድማ ብማሕበርነት ትኣምኑ ኣንተድኣ ኰንኩም፣ ብሓበር ዘተን ስምምዕን ንግበር ዝብል ጠለብ ክጠልብ ከሎ፣ ከም ብሉጻትን ኣዝዮም ገስገስትን ማሕበራውያን (ኮሚንስት) ከምዝኾኑ ንነብሶም ቈጺሮም፣ ንመንግስቱ የላግጹሉ ነይሮም።"ዘይወግሕ መሲሉዋስ ኣብ ቦኵራ ትጽሕጽሕ" ከምዝብሃል ድማ፣ ሎሚ ካብቲ ወተሃደራዊ

መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝገደዱ ኮይኖም ብግብሪ ይርኣዩ ኣለው። እቲ ካብ ኵሉ ዘስደምም መራሕቲ ወያኔን ህግደፍን ዝፍጽምዎ ዘለው መደብ ዕዮታት ብትሕዝቶ ሓደ፣ ብዓይነት ግና ቀ'ሩብ ዝፈላለ ም'ኳኑ እዩ።

ንመረድእታ:- መስኪን ህዝቢ ኢትዮጵያ! ኣምሆ ዘመን ንጉስ ሃይለስላሴ፣ "እግዚኣቢሄር ልኢ'ኹኒ" ኣናበለ ክሳብ ብሕፍረት ኣብ ጉድጓድ ዝኣቱ ኣሳቒዩዎ። መንግስቱ ሃይለማርያም ከኣ "ጭቀ'ን ሰፊው ህዝብ" "ውጹዕ ሓፋሽ" ልኢ'ኹኒ ኢሉ መንቀ'ሱዎም። ሃገር ራሕሪሑ ከኣ ንዚንባበ ሃጽ ኢሉ ተሰዲዱ። መራሕቲ ወያኔ ድማ "ማዕርነት ጭቀ'ናት ብሔራትን ብሄረ-ሰባትን ክንሕሉ'ና ብሄራት ልኢ'ኽናና" ዝብል ዘይፍጸም ሕልሚ ሓሊሞም: ብፍላይ ንህዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ ከኣ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን መንድዓት ኮይኖሞ ኣለው። ታሪኽ ወያኔን መንግስቱ ሃይለማርያምን ኣንተድኣ ኣዋዳዲርናዮ ብዓይነት ይፋላለ ኣምበር ብትሕዝቶስ ሓደ እዩ። ንኣብነት:- ሕልሚ መንግስቱ ንኢትዮጵያን ንኤርትራን ንምብሓት እዩ ነይሩ። ቅድም ንሰልፊ ኢ.ሃ.ፓ ቀንጺሉዎም። ቀጺሉ ንሰልፊ ሜኤሶን ኣጥፊኣኡዎም። ካብኡ ቀጺሉ ድማ ንኢዱ መንቀ'ሱዎም። ነተን ብማርክስ-ለኒንነት ዝፍለጣ ንኣሽቱ ሰልፍታት ኢትዮጵያ'ውን ኣጽኒቱወን። ቀይሕ ሽበራ ኣናበለ ድማ ብዙሓት ምሁራትን ለባማትን ኢትዮጵያውያን መንቀ'ሱ። መራሕቲ ወያኔ'ውን ልክዕ ከምቲ ሕልሚ መንግስቱ ስለዝኾነ ሕልሞም፣ ንኢትዮጵያን ኤርትራን ንምብሓት እዩ ሕልሞም። ነቶም ካብ ደርጊ ዝተረፉ ሰልፊ ኢ.ሃ.ፓ ቀንጺሉዎም። ቀጺሎም ከኣ  ነቶም ካብ ደርጊ ዝድሓኑ ሰልፊ ሜኤሶን ቀንጺሎምም። ካብኡ ቀጺሎም ድማ ንኢዱ መንቀ'ሱዎም። ነተን ካብተን ብማርክስ-ለኒንነት ዝፍለጣ ንኣሽቱ ሰልፍታት ኢትዮጵያ ዝተረፉ'ውን ኣጽኒቶሞም እዮም። ነቶም መራሕትን ኣባላትን ተ.ሓ.ት. ዝነበሩ'ውን ቀንጺሎሞምን ግዳይ ስደት ገሮሞምን። ቀጺሎም ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ኣትዮም: ምስ ሻዕብያ ተላፊኖም ንሰራዊት ተ.ሓ.ኤ. ንሱዳን ከምዝሰግሩ ገሮሞም። ሎሚ ከኣ ንህዝባዊ ግንባር ን'ኽሕቅቑ ላዕልን ታሕትን ይብሉ ኣለው። ስለዚ ሕልሚ መራሕቲ ወያኔን መንግስቱ ሃይለማርያምን ሃደ እዩ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብክፍለ-ሃገራት (ሽዋ-ክፍለ ሃገር: ጐጃም ክፍለ ሃገር: ቤገምድር ክፍለ ሃገር ትግራይ ክፍለ ሃገር ወዘተ... እናተመርሐ ክነብር ድሕሪ ምጽናሕ፣ "ዋሕሊልና ክብላስ መጽሓፍ ይሓጽባ" ከምዝብሃል፣ መሃንድሳት-ጸይቂ መራሕቲ ወያኔ ነቲ ንቡርን ህዝቢ ዝለመዶን መሰረት ዘለዎ ትሕተ-ቅርጻ ፈንቂሎም:  ሰበብ ዘለዎ ዓሌታዊ ግርጭት ዘምጽእ፣ ብክልል-ኣምሓራ፣ ክልል-ኦሮሞ: ክልል ትግራይ ወዘተ.. እናበሉ ፈላልዮም ይገዛኡዎ ኣለው። መራሕቲ ወያኔ'ውን ነጻነት ኤርትራ ብወግዒ ከምዝኣመኑ ብኣዋጅ ኣፍሊጦም'ዮም። ሎሚ ግና "ተንቤናይ ተመናይ" ዝብል ስልቲ ብም'ኽታል: ስልጣን ምስ ሓዙ "ራዛ ናየብኡ ሓዛ" ኮይኖም፣ ኤርትራ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ምስ ኢትዮጵያ ክትጽንበረሉ እት'ኽእል ውዲት ስራሕና ኢሎም ክፍሕትሩ ይርኣዩ ኣለው። እቲ ብብዝሒ ትግራይ ትግሪኛ ዝዓብለሎ መሪሕነት መንግስቲ ህግደፍ ኣንተ'ኾነ'ውን ምስ መንግስቲ ወያኔ ኢድን ጓንትን ኮይኑ ንነጻነት ኤርትራ ንድሕሪት ን'ኽመልስ ዕንክሊል ይብላ ኣሎ። **ብታሪኻዊ መዳይን ብስነ-መጐትን ክምዘን ከሎ፣ ሓደ ንዓመታት ሰውራ ዘካየደ ውድብ: ቀንዲ ተልእ'ኾኡ፣ መሰረታዊ ለውጢ ንምጻእን፣ሓርነትን ሰላምን ፍትሕን ቅሳነትን ኣንጊሱ፣ ክብሪን ዋጋን ደቂ ሃገርን ጥጡሕ መነባብሮ ህዝብን ኣውሒሱ፣ ስልጣን ንህዝቢ ምርካብን እዩ።** ጭፍራ ወያነ ግና ብማለሊነትን ብመሰል ርእሰ-ውሳኔን እኳ እንተ ሸቀጡ፣ ካብቲ እቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ መሳፍንትን ነገውስን ፋሺስታውያንን ዝጥቀምዎ ዝነበሩ ውዲትን ስልትን፣ ኣዝዩ ዝረቐቐ ውዲት ከተግብሩ ገልዳሕ ይብሉ ኣለው።

ንመረዳእታ:-
ነቲ ብ1991 ዓ.ም.ፈ. ዝተመለሰ ሕቶ ኤርትራ ዝጻረር መደብ-ዕዮ ወያኔ፣ ብስዉርን ብግሁድን ይካየድ ኣሎ። ሎሚ ዘመን ንኣብነት ብ"ሃገራዊ ዋዕላ" ዝፍለጥ ዋዕላ-ኣዋሳ ኣብ ኢትዮጵያ ተ'ኻይዱ። እዚ ብሃገራዊ-ዋዕላ ዝፍለጥ ምትእ'ኽ'ኻባት'ዚ ንዝመራመር ሰብ ዓቢ ተልእ'ኾ ዘለዎ መስርሕ'ዩ። ኣዞም እንቶ ብፍላጥ እንቶ ብግርህና ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ፣ ንኣዲስ ኣበባ እናተማላለሱ ብመደብ መራሕቲ ወያኔ ተመሪሖም ንቃለስ ኣሎና ዝብሉ ዘለው ኤርትራውያንን ትግራይ ትግሪኝን፣ ምስቶም ኣብ እዋን ፈደረሽን ብመደብ ንጉስ ሃይለስላሴ ተመሪሖም "ኢትዮጵያ ወይ ሞት"! ኣናበሉ ኤርትራ ብቐስብ ምስ ኢትዮጵያ ን'ኽትሕወስ መሳርሒ ጓኖት ብም'ኳን ዓቢ ጠንቂ ዝ'ኾኑ ዝመሳሰሉ'ዮም።
ንመረድኣታ:- እቶም ኣብ እዋን ፈደረሽንን "ዓደየ ዓደየን"! ሃገሮም ክሒዶም ኢትዮጵያ ወይ ሞት! እናበሉ ደቂ-ዓዶም ዝቐተሉን ዘቕተሉን ዘባሳብሱን ኣባላት ማሕበር ኣንድነት ደቂ ኤርትራ፣ ፈደረሽን ምስ ፈረሰ፣ ክልተ ክሳራታት (ኢትዮጵያን ሞትን) ጥራይ ኣይኮኑን ከሲሮም። እኳድኣ ሰለስተ ዘሕፍራ ክሳራታት እዮም ከሲሮም። ንሳተን ድማ እዘን ዝስዕባ እየን:-

- እታ ቀዳመይቲ ዝረ'ኸቡዋ፣ ዓዶም ኣጥፊኦም፣ ንዓዲ-እንዳማቶም ክብሉ ስለዝሞቱ፣
  እታ ትሕፍር ሞት ብዓባያ ረ'ኺቦማ።
- እታ ካልኣይቲ ዝረ'ኸቡዋ ትሕፍር ክሳራ ከኣ፣ ምእንቲ ዓዶም ዘይኮነስ ምእንቲ ኢትይጵያ ክብሉ ንኤርትራ ኣጥፊኦም "ካብ ብዓል ቤቱ ንላዕሊ ዝፈልጥስ ቡዳ እዩ" ከምዝብሃል ብኢትዮጵያውያን ን'ኽምስገኑ "ዓባይ ኢትዮጵያ ከምትቐውም ገሮም።

- እታ ሳልሰይቲ ዝረ'ኸቡዋ ክሳራ ድማ፣ ምእንቲ ዓዲ-እንዳማቶም ኢትዮጵያ ሞይቶም ከብቅዑ፣ ኣብ መወዳእታ ዘ'ኾርዕ ዓስቢ ኣይረ'ኸቡ። ማለት ምስቶም ኢትዮጵያውያን ማዕረ መሰል ን'ኽይረ'ኽቡ

ብስርዓት ሃይለስላሴ ከም ብላይ ሳእኒ ስለዝተደርበዩ፣ ዓሕ! ኣናብሉ ብጣዕሳ ስለዝሞቱ፣ እታ ትሕፍር ሳልሰይቲ ሞት ብገጃፋ ረኺቦማ።

ንመረድኣታ:- እቶም ኣብ እዋን ፌደረሽንን "ዓደየ ዓደየን"! ሃገሮም ክሒዶም ኢትዮጵያ ወይ ሞት! እናበሉ ደቂ-ዓዶም ዝቐተሉን ዘቕተሉን ዘባሳብሱን ኣባላት ማሕበር ኣንድነት ደቂ ኤርትራ፣ ፌደረሽን ምስ ፈረሰ፣ ክልተ ክሳራታት (ኢትዮጵያን ሞትን) ጥራይ ኣይኮኑን ከሲሮም። እኳድኣ ሰለስተ ዘሕፍራ ክሳራታት እዮም ከሲሮም።

ብወገን ህግደፍ እንተኾነ'ውን፣ መስኪን ህዝቢ ኤርትራ! ኣምሆ ዘመን ሰፍ ዘይብል ሰውራ ኣካይዱ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ምስ ስዓረ፣ ዋላኳ ነጻነት ኤርትራ ብመንግስቲ ኣሜሪካን እስራኤልን ኤውሮጳን ዘይብሃግ እንተነበረ፣ ድሕሪ ፈርከሽከስ ሶቬት-ሕብረትን ምኽታም ዓለም-ለኻዊ ዝሑል ኲናትን፣ ድሕሪ 30 ዓመታት መሪር ሰውራ ንኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ኣውጺኡዋ። ኲለን ሃገራት ዓለም ማለት ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ከኣ በቲ ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ተገሪመን፣ ንነጻነት ኤርትራ ብወግዒ ኣሚነናሉ እየን። ህዝቢ ኤርትራ: ካብ ጥንቲ ማለት ካብ ቅድመ-ልደተ-ክርስቶስ ጀሚሩ፣ ብዓዲ: ብወረዳ: ብኣውራጃ: ብሃገር ኣናበለ፣ ኣብ ኣዝዩ ቅዱስ ባህልን ኲሩዕ መንነትን መበቈልን ዝተሰረተ ትሕተቅርጻ ብኹርዓት ኣሚኑሉ ክሳብ መንግስቲ ህግደፍ ክነብር ጸኒሑ። መሃንድሳት-እከይ ህግደፍ ምስ ኣርከቡ ግና፣ ብዞባ-ዓንሰባ: ዞባ-ደቡብ: ዞባ-ማከል ወዘተ...ኣናበሉ፣ ነቲ ኣውራጃዊ መንነት ድልዱል ሓድነት ዝነበሮ ህዝቢ ኤርትራ፣ ፋሕ ብትን ኣቢሎም ይገዝኣኡዎ ኣሎው። ንዘስተውዕል ሰብ ግና እዚ ሰይጣናዊ ዝኾነ ፍልስፍና'ዚ፣ ሳዕቤኑ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ከምኡ ምኽኑ ድማ ብንጹርን ብግብርን ይርአ ኣሎ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ዘይኮነ፣ ንረብሓ ባዕዳውያን ጥራይ ዝውዕል እዩ። እቲ ቀንዲ ህግደፍ ኣብ መወዳእታ ክበጽሑዎ ዝደልዩ ዘለው ተልእኾ ግና፣ ህዝቢ ኤርትራ መንነቱን ባህሉን ሃይማኖቱን መሬቱን እንተድኣ ተሓዲጉ፣ ትርጉም ሃገርነት'ውን ኣይክህሉዎን እዩ። ስለዚ ህግደፍ ኣብ መወዳእታ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራውነቱ ረሲዑ ዘርምዘርሞ ተሪፉ: ግዳይ ባዕዳውያን ሓይልታት ንኽኸውን ጥራይ እዩ። እዚ ኩሉ ሰውራ ኣካይድካ፣ "ነዚ ክትጥሕና'ዶ ትርህጻ" ምኳኑ ግና ኣዝዩ ዘተሓሳስብ'ዩ።

እዚኦም ድማ ምንምኳ ከምቲ ኣብ እዋን ፌደረሽን ዝነበረ ኲነታት ደም ኣንተዘይተፋሰሱ፣ ብሰላማዊን ስነኣምራዊን ሜላ ግና "ወያኔ ወይ ሞት"! ይብሉ ኣለው። ምናልባት ኣዚኦም'ውን ብወያኔ ዝምራሕ መንግስትን ሞትን ጥራይ እዮም ክርኽቡ ዝኽእሉ'ምበር ኤርትራ ኣይረኽቡን'ዮም። ኤርትራ ክረኽቡ ኣንተድኣ ዝደልዩ ኮይኖም ግና፣ ብኤርትራዊ-ሃገራውነት ኣሚኖም፣ ካብ ኢትዮጵያ ወጻኢ ኮይኖም ምስ ህዝቢ ኤርትራን ሰራዊት ኤርትራን ተሓባቢሮም ክምክቱ ከለው ጥራይ እዩ ነይሩ። ዝኾነ ኮይኑ ነዚ መራሕቲ ወያኔ ዘካይዱዎ ዘለው መደብ-ዕዮ'ዚ፣ ተመራመርቲ ፖለቲካ ክገልጹዎ ከለው ከምዚ ይብሉ:- "እዚ ኣብዚ እዋን'ዚ መራሕቲ ወያኔ ብብሄርን ብውድብን ብዋዕላን እናበሉ፣ ንኤርትራውያን ምእካብን ምፍንጣሕን ከም ዓቢ መደብ-ዕዮ ወይ ፕሮጀክት ዝወስድዎ ዘለው፣ ዋላ'ኳ ነቶም ኤርትራውያን ብፍላጥ ድዮም ብዘይፍላጥ ብግርህነት ድዩ ብጒርሒ፣ መራሕቲ ወያኔ ንሓልዮት ህዝቢ ኤርትራ ዝገብሩዎ ዘለው ዝመስሎም እንተኾነ፣ ብኣንጻሩ ግና ንህዝቢ ኤርትራ ስነ-ኣእምራዊ ሽበራ እዩ። እቲ ሕቡእ ኣጀንዳ ወይ ቀንዲ መልእኽቱ ከኣ ብሳይለንት ዎር ኣቢልካ ነቲ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ንድሕሪ መሊስካ፣ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝብኢ ሃዲሙ ኣብ ቶኹላ ንኽዕቈብ ዝግበር ዘሎ ውዲት እዩ። ውጽኢቱ ከኣ ንልዑላውነት ኤርትራ ንምፍንጣሕ ጥራይ እዩ ዝመስል"። (ኢሰያስ ዝብኢ ክኸውን ከሎ መለስ ድማ ቶኹላ እዩ)

<table>
<tr><td colspan="2">እዞም ክልተ ቀኑጥሚ ግጥሚ፣ ዝተፋላለየ ሜላታት ንሓደ ዓላማ እናተኸተሉ፣ ንክልቲኡ ህዝብታት የሃምሉዎ ኣለው።</td></tr>
<tr><td>
</td><td>
</td></tr>
<tr><td>መለስ: ንህዝቢ ኢትዮጵያ ንምድንጋር፣ ንኢሰያስ ተቓውሞ ኣላዒለ ክግልብጦ እየ ኣናበል ይገዝእ ኣሎ።</td><td>ኢሰያስ ከኣ: ንወያኔ ክንሰርሖም ዘጸገመናስ ክንፍንጥሖም ኣየጸግመናን እዩ" ኣናበለ ንህዝቢ ኤርትራ ብምድንጋር ይገዝእ ኣሎ።</td></tr>
</table>

መለስ: ንህዝቢ ኢትዮጵያ ንምድንጋር፣ ንኢሰያስ ብሓቂ ዝቃወም ዘሎ ኣናመሰለ፣ ነቶም ተቓለስቲ ኢና ብሃልቲ ኤርትራውያንን 4 ብሄራት 10 ዝኾና ኣስላማዊ ኣኽረርቲ-ጉጅለታትን፣ 24 ዝኾና ኣቦይን ኣደይን ዝኾነ ጸሎተን “ውድባት ኢና ዝብላ ጭፍራታትን፣ ሃገራዊ ዋዕላ ክንምስርት ኢና ዝብላ ውሑዳት ኣባላት ዘለወን ሲቪካውያን ማሕበራትን“ ባጀት ሰሊዑ ንመቐለን ሽረን፣ ጐንደርን ኣዲስ ኣበባን ኣዋሳን እናጸውዖም፣ ንኽይቃለሱ የቃልሶም ኣሎ።

እቲ ቀንዲ ተልኡኾ መለስ ዜናዊ ድማ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብደገን ብውሽጥን ተላፊኑን ተዋሃሂዱን ንኢሰያስን ጉጅለ ህግደፍን  መታን ከይምክቶም ተባሂሉ ዝተማህዘ ረቂቕ መደብ-ዕዮ እዩ። ካብተን መለስ ዜናዊ ክእክበንን ክፍንጥሐን ዝርብርብ ዘሎ፣ ብኣፈን “ንመንግስቲ ኣኢሰያስ ክነልግሶ ኢና“ ዝብላ ዙሓት ተቓወምቲ ውድባትን ጉጅለታትን ብግብሪ ሓንቲ ክገብራ ኣይተራእየን። እቲ ቀንዲ ተልኡኾ መለስ ዜናዊ ግና ንኸይቃለሳ ንክቃለሳ ጥራይ እዩ።

መለስን ኢሰያስን ብጐይቶቶም ዝቐረበሎም፣ብትሕዝቶ ሓደ ዝኾነ፣ ብዓይነት ግና ዝተፋላለየ መደብ ዕዮ እዮም ከተግብሩ ገልዳሕ ዝብሉ ዘለው። ኢሰያስ ኣንተድኣ ኣብ ስልጣን ጸኒሑ መለስ'ውን ክጸንሕ'ዩ። ኢሰያስ ኣንተድኣ ካብ ስልጣን ተኣልዩ ግና መለስ'ውን ኣይክህሉን'ዩፕ

ኢሰያስ: ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምድንጋር፣ ንመለስን ንወያኔን ብሓቂ ዝቃወም ዘሎ ኣናመሰለ፣ ነቶም ተቓለስቲ ኢና ብሃልቲ ኢትዮጵያውያን፣ ከም ብዓል ቅንጅት፣ እየን። ANDM ኣምሓራ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ALF **ተ.ሓ.ኣፋር** ANDM: ዲሞክራስዊ ምንቅስቓስ ኣፋር ANLF: ምንቅስቓስ ኣፋር APDM፣ ኣገው ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ESDL: ደሞክርስያዊ ሓድነት ኢትዮጵያውያን ሶማልያውያን TPLF **ህ.ግ.ሓ.ት.** TWNUDO ሃገራዊ ዲሞክ-ሕብረት ትግራይ OALB ሓርነታዊ ግንባር **ኦሮሞ** OLUF (ተ.ሓ.ሕብረት-ኦሮሞ); ONC (ኦሮሞ ኮንግረስ **ፓርቲ**): ONLF (ኦጋደን ሓርነታዊ ግንባር): OPDO (**ዲምክራስያዊ ግንባር ኦሮም**): SPDO (**ሲዳሞ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ውድብ**): GPRM (***ውድብ ብሄር ጉራጌ***) **ወዘተ**.. ባጀት ሰሊዑ ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብያተ-ጽሕፈታት ከፊቱ ብራድዮን ብተለቪዥንን ንመለስ ክጸርፉን ክውንጅሉን ዕንክሊል የብሎም ኣሎ። እቲ ሓቂ ግና ንኽይቃለሱ ድኣ የቃልሶም ኣሎ'ምበር፣ ብረት ዓጢቖም ንመለስ ክወሩ ከቶ ኣይፈቕደሎምን እዩ። እቲ ቀንዲ ተልኡኾ ኢሰያስን ኣፈውርቂ ድማ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብደገን ብውሽጥን ተላፊኑን ተዋሃሂዱን ንመለስ ዜናዊን ጉጅለ ወያኔን መኪቱ መታን ከይስዕሩዎ ተባሂሉ ዝተማህዘ ረቂቕ መደብ-ዕዮ እዩ። ካብተን ኢሰያስ ክእክበንን ክፍንጥሐን ዝርብርብ ዘሎ፣ ብኣፈን “ንመንግስቲ ወያኔ ክነልግሶ ኢና“ ዝብላ ዙሓት ተቓወምቲ ውድባትን ጉጅለታትን ብግብሪ ሓንቲ ክገብራ ኣይተራእየን።

## <u>ዝተወከስኩወን መጻሕፍቲ</u>


1) ኤርትራውነት ውጻኢት ወራራትን መኸተን ብመምህር ስማኦን ኣማኑኤል በርናባስ 1ይ ሕታም 2001 ዓ.ም.ፈ.
1.) ሰረት ታሪኽ ጥንታዊት ምድረ ባሕረጋስ ኤርትራ ብዶር. ኣብርሃ ጳውሎስ
2.) ደቀባት ህዝብታት ኤርትራብኣልበርቶ ፖሌራ፣ ብኣባ ይሳቕ ገብርኣየሱስ ዝተተርጐመ
3.) መረብ ምላሽ ብሩፊሎ ፐርኒ 1905 ዓ.ም.ፈ፣ዝርጉም ብገብረንጉስ ቶሪኖ 19977 ዓ.ም.ፈ.
4.) *I didin't do it for You How the World betrayed a small African Nation ..Michela Wrong*
5) *Chei e ? dell' Eritrea 19532 DizionarioBiografico Conuna Cronologia Giuseppe Puglisi*
6) የኤርትራ ጉዳይ 1941-1963 ብዘውዴ ረታ
7) የኤርትራ ታሪ በኣጭሪ የተወጣጣ በማሞ ወድነህ
8) ብረዝ ህዝቢ ኤርትራ ቍቅልቀጐል ኣፉ ኣይድጋን! ህ.ው.ሓ.ት. 1979 ዓ.ም.ፈ.
ታሕሳስ 2011 ዓ.ም.ፈ. ፍሉይ ሕታም ንመንእሰያት ኤርትራ
9) *Solving the mystery of Babilon the Great page 88 to 98*


**ብሓልዮት መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ 25.01,2012**

ይ ቕ ጽ ል